ማሕበር ወዛም ዓለባ ዓዲ ኣብ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ሓወልቲ ዕዳጋ ዓዲ ሓቂ ንንይ ሓባር ዘበናዊ ማእኸል ዕዳጋ ንምስራሕ ካብ ሚያዝያ/2011 ዓ/ም ክሳብ ሰነ/2017ዓ/ም ሕጋዊ ኦዲት ክትገብር ስለዝደለየት

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሓምለ 9, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓምለ 15, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓምለ 15, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣካውንቲን ተዛማድኡን/ ኦዲት ተዛማድኡን/

ንናይ ኦዲት ስራሕ ዝወፀ ግልፂ ጨረታ

ማሕበር ወዛም ዓለባ ዓዲ ኣብ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ሓወልቲ ዕዳጋ ዓዲ ሓቂ ንንይ ሓባር ዘበናዊ ማእኸል ዕዳጋ ንምስራሕ ብፍትሒ ቢሮ ሕጋዊ ኣፍልጦ ብምርካብ ኣብ ምንቅስቃስ ዘላ ማሕበር እያ። ስለዚ ካብ ሚያዝያ/2011 ዓ/ም ክሳብ ሰነ/2017ዓ/ም ሕጋዊ ኦዲት ክትገብር ስለዝደለየት ነዚ ዝስዕብ ረቋሒ ተማልኡ ሕጋዊ ኦዲተር ንፅውዕ።

ተጫረቲ ዘማልእዎ ረቋሒ

1. ናይ ዘበነ 2017 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ

2. ናይ ዘበነ 2016 ግብሪ ዝኸፈለ

3. ሕጋዊ ናይ ኦዲት ፍቃድ ዘለዎን መረጋገፂ ፎቶኮፒ ዘቕርብን

4. ኣብ ሕ/ስ/ማሕበራት ኦዲት ገይሩ ዝፈልጥ ቅድሚያ ይወሃቦ

5. ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ወዲኡ ዘቕርብ(16-30/11/2017)

6. እቲ ማሕበር ዝሓሸ መማረፂ ተረኺቡ በዚ ጨረታ ኣይግደድን

7. ዝርዝር ኦዲት ዝግበሩ ሰነዳትን መዛግብትን ፦

• ካብ ሚያዝያ/2011ዓ/ም ክሳብ መስከረም/2013 ዓ/ም ከም ድማ ካብ መስረከም/2016 ዓ/ም ክሳብ ሰነ/2017 ዓ/ም ኣጠቃላሊ ኦዲት ናይ ኣባላት ዘእተ ናይ ባንኪ ወለድ ፣ ምንቕስቓስ ሒሳብ ማሕበር ፣ ብመስርሕ መሰረት ኣብ ምካድ ወዘ

• ካብ ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ክሳብ ነሓሰ /2015 ዓ/ም ኣብ ባንኪ ይኹን ብካሽ ዝነበሩ ምንቕስቓሳት። እዚ ማለት ከም ማሕበር ኣብቲ እዋን ብዕፅዋ ምክንያት ኣባል ዘዋፅኦ ገንዘብ ስለዘይበነረ ምንቕስቓሳት ስለዘይነበረን እዩ።

• ኣባል ናብ ኣካውንት ማሕበር ኣታዊ ዝገበሮን ወይ ድማ ናብ ኣመራርሓ ብካሽ ዝኸፈሎን ምውርራድ ፣ ናይ ሕድሕድ ኣባል ክሳብ ሐዚ ዘለዎ ሒሳብ ብኦዲት ምርግጋፅ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

• ብማሕበር ምስ ባንኪ ብዕፅው ይኸ ብተንቀሳቃሲ ዝተኣሰረ ውዕላትን ብዘይ ውዕልን ምምርማር

• ኣባል ናብ ማሕበር እንትኣቱ እንትወፅእ ምስ ገንዘብ ዝተትሓዘ ይኹን ብስሪት መሰረት ኣብ ምኻዱ ምምርማር

• ኣጠቃላሊ ኣታውን ወፃእን ምርመራ ኦዲት ምክያድ

8. ናይ ጨረታ ምልክታ ካብ ዕለት 10/11/2017 ዓ/ም ክሳብ 14/11/2017 ዓ/ም ኣብ ኣየር ዝፀንሕ። ዕለት 15/11/2017 ዓ/ም ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዋጋ ብዝተዓሸገ ፖስታ ካብ ሰዓት 2፡00 - 4፡00 ናብ ማሕበር ኣታዊ ይገብሩ።

በዚ ዕለት ሰዓት 4፡30 ተጫረቲ ኣብ ዘለውሉ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ብዘለዎ ዘእተውዎ ናይ ጨረታ ፖስታ ይኸፈት።

ኣድራሻ

ናይ ማሕበር ቤት ፅሕፈት ፊት ንፊት ዓዲ ሓቂ ዕዳጋ ንግዲ ባንኪ ዘሎ ፎቅ (ታይዋን ተራ) ቁፅሪ 42

ስልኪ ቁፅሪ ፦ 0914758095 / 09114747987

ምስ ሰላምታ !! ማሕበር ወዛም ዓለባ ዓዲ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle